ትግርኛ

# ብሓደ ኳንና ነቲ መልከፍቲ ንዓግቶ

ከም ንኣብነት ረስኒ፡ ሰዓል፡ ቃንዛ ጎረሮ ወይ ጸረርታ ኣፍንጫ ዚመስል ናይ ኮቪድ-19 ምልክታት ምስ ዚህልወካ፡ ነቲ ናይ በዓልመዚ ህዝባዊ ጥዕና መምርሒ ክትስዕቦ የድሊ። ወላ’ውን እቲ ምልክታት ቅልል ዝበለ እንተ ኾነ።

**ኣብ ገዛኻ ጽናሕ**

ሕማም ምስ ዚስምዓካ፡ ኣብ ገዛ ኮፍ በል፡ ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ኣይትራኸብ። እዚ ንህጻናትን ኣባጽሕን ይምልከት። ካብ ስራሕን ቤትትምህርትን ኣጸደህጻናትን ወይ ካብ ካልእ ንጥፈታት ኣብኰርካ፡ ገዛ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

**ተመርመር**

እቲ ምልክታት ኣብ ሓደ መዓልትን ለይትን እንተ ዘይከይዱ፡ ክትምርመር የድሊ። ብኸመይ መገድን መኣስን ከም እትምርመር ስለ ዚፈላለ፡ እቲ ውሳኔ ኣብቲ እትቕመጦ ቦታ እዩ ዚምርኰስ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ኣቲኻ ድለ፥ 1177.se/covid-19-prov።

**ምስቲ ምሳኻ ዚነብር ሰብ ኣካላዊ ርሕቀትካ ይሃሉኻ**

ምስ ካልኦት ሰባት ኣካላዊ ርሕቀት ምህላው ኣድላዪ እዩ። ወላ’ውን ምስቶም ምሳኻ ዚቕመጡ። እንተ ተኻኢሉ ናይ በይንኻ ክፍሊ ይሃሉኻ። ቅድሚ መግቢ ምብላዕካን፡ መግቢ ክትሰርሕ ከሎኻን፡ ኣብ ሽንቲ-ቤት ምስ ጸናሕካን፡ ብጥንቃቐ ኣእዳውካ ተሓጸብ።

**ነቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ንዚምልከቱ ሓፈሻዊ ሕቶታት፡**

ናብ 08- 123 680 00 ደውል ወይ 113 13።

**ንሕክናዊ ምኽሪ ብዚምልከት፡**

ናብ 1177 ደውል፡

ኣብ krisinformation.se ነቲ መዓልታዊ ዚሕደስ ንኮሮና ቫይረስ ዚምልከት ናይ መንግስቲ ሓበሬታ ብቛንቋ ትግርኛ ከተንብቦ ትኽእል

EUROPEAN UNION
Asylum, Migration
and Integration Fund

MSB
Swedish Civil
Contingencies
Agency

Order No. MSB1658 - December 2020